# እንቋዕ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ብደሓን መጻእካ!



Tigrinja

**Förskoleförvaltningen**

Göteborgs Stad

# ሕጂ ቅድመ-ትምህርቲ ትጅምረሉ ጊዜ ደዩ?



ምጅማር ቅድመ-ትምህርቲ ሓድሽን ኣደናቒን ጊዜ  ንዓኻን ንውላድካን እዩ።
እዚ ቅድመ-ትምህርቲ ከም እትፈትውዎን ከም እትሕጎሰሉን እምነትና እዩ። ንመላእ ስድራቤት ድማ መሃርን ውሕስነት ዘለዎን ቦታ እዩ። ኣብዚ ንሕና ምምሕዳር ከተማ የተበሪ ቅድመ-ትምህርቲ ንዓኻን ውላድካን እንታይ ከም ዝቕርበልኩም ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ሕቶ ኣብ ዝህልወካ ጊዜ ንሰራሕተኛታት ቅድመ-ትምህርቲ ወይ ካኣ ምስ ቤት ጽሕፈት ቅድመ-ትምህርቲ ክትዘራረብ ትኽእል።

**ብደሓን ምጻእ!**



**ኣብ goteborg.se/forskola ኣቲኻ ብዛዕባ ቅድመ-ትምህርቲ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ከምኡውን ርእይቶታት ክትገድፈልና ትኽእል።**




# ህጻናት ዘማእከለ ምስትምሃርን ምዕባለን

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ውላድካ ምስ እኩባት፣ ዓበይትን ንኣሽቱን ሓቢሩ ሓደሽቲ ነገራት ይመሃርን ይምዕብልን፡ ብመገዲ ጸወታ ጌሩ ፈጠራን ምርምርን የማዕብል። እቲ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝዋሃብ ትምህርቲ መሰረት ናብ ናይ ነዊሕ ሂወት ጉዕዞ ዝጠመተ እዩ።

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝሃብ ኣሰተምህሮ ኣነቓቓሕን ኣተባባዕን ኮይኑ ምስ ውጥን ምስትምሃር ዝሳነ ሽቶታት ዘካተትን እዩ።

ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፡ መደብ ትምህርቲ ብምንባብ እንታይ ሽቶታትን ዕማማትን ከምዘሎና ክትፈልጥ ትኽእል። እቲ ውጥን መደብ ትምህርቲ ኣብዚ ተመልከት፡ skolverket.se.




ዮዮ ክዳውንቱ ኣብ መስቅል ክዳውንቲ ሰቒለዎ



ኣበይ ቅድሚ ምኻዱ ነቶም ስራሕተኛታት ስላም ብምባል ቻው ኢልዎም።




ዮዮ ምስቶም ቀዲሞም ዝመጹ መሓዝቱ ኮይኑ ቁርሱ ይበልዕ።

ሎሚ እንታይ ክንገብር ኢና? ሙዚቃን ዳንስን ወይስ
ብሕብርታት ጌርካ ቅርጺ ምስራሕ?
ምናልባት ቁጽሪ ክንቆጽር፤ ምደብ ክንሰርዕ፤ ብዛዕባ
ተፈጥሮ ክንመሃር ወይ ካኣ ምህናጽ ሮኬትን?
ወይ ካኣ ኣብ ከባቢኻ ኣደናቒ ተረኽቦታት ኣሎ ድዩ?
ድሕሪኡ ቀስ እናበለ ምሳሕ ስዓት ይአክል።
.





ድሕሪ ምሳሕ ዕረፍቲ ምግባር እዩ። ኣቢስ ንሓጺር ጊዜ ደቂሱ። ካልኦት ቆልዑ ካኣ ጽውጽዋይ ይሰምዑ



ድሕሪኡ ጊዜ ጸወታን ኣብ ደገ ወጺእካ ምዕንዳርን  ምሕዳስን ኢዩ።
ተመሊሶም ካኣ መጽሓፍቲ ምንባብን ትያትር መጽዋትን ይቕጽሉ።



We have a snack and then we play
until it's time to go home.

## ዘሐጉስ፡ ውሑስን ማሃርን

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ህጻናት ክንክን ይግበረሎም፡ ውሕስነት ክስመዖም ድማ ምሳኻ ሓቢርና ንሰርሕ። ኣብዚ ህጻናት ምስ ድልየታቶም ዝኸይድን ንኽምዕብሉን ሓገዝ ይግበረሎም። ብዋዛን ጸወታን እንዳገበርና ንኽመሃሩን ክፈልጡን ሽውሃት ከምዝህልዎም ንገብር፡፡

ህጻናት ዝንባለታቶም፡ ርእይቶታቶምን ድልየታቶም ምስ እንፈልጥ መደብ ትምህርቲ ክንሰርዕ ይሕግዘና።



ሚለ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ክኸይድ ከሎ ኣብ መንገዲ ደው ኢሉ ነቲ ዝስራሕ ዘሎ ኣደራሽ ሰፖርት ይዕዘቦ። እቲ መልዓሊ ከመይ ይሰርሕ? ዲግዲግ ዝብል እንታይ እዩ? ሓደ ኣደናቒ ነገር ኣሎ እንዳበል ሚለ ንዝተኣከቡ መሓዙቱ የዕልሎም።



እቲ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ጎኒ እቲ ዝህነጽ ዘሎ ሰለዝኾነ ኩሎም ህጻናት ይርእይዎ። ክምለሱ ከለዉ ነቶም ዝተፈላለዩ ህንጻታትን መታለሊት ድሙን ይስእልዎም። ንሳቶም ድማ ካብ ተፈጥሮ ኣደነቕቲ ዝኾኑ ነገራት ይእክቡ።



ኣቢ ቅድመ-ትምህርቲ ክጅምር ከሎ ኣዲኡ ምስኡ ነይራ፣
ንሳ ኣቢ ምስ ሓደስቲ መሓዙቱ ተሓጉሱ ክጻወት ከሎ
ሪኣቶ። እቶም ስራሕተኛታት ነቶም ህጻናት ከነቓቕሕዎም፣
ከተባበዕዎምን ክሕግዝዎም ከለው ምርኣይ ቅሳነት
ዝህብ እዩ።
እዚ ጽቡቕ ምጅማር እዩ፣ ነቲ መዓልታዊ ዝካየድ
ንጥፈታት ቅድመ-ትምህርቲ ንኽትርድኦን ሌላ ምስ
ስራሕተኛታት ክትገብርን ጸቡቕ እዩ።



.

## ውላድካ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ክጅምር ከሎ

ንውላድካ ንመጀመርያ ጊዜ ናብ ዘይትፈልጦ ቦታ ክትገድፎ ፍሉይ ስሚዒት ኣለዎ። ነዚ ካኣ እዩ ቅድመ-ትምህርቲ ናይ መላለይ ሓበሬታ ጊዜ ንዓኻን ንውላድካን ዝግበረልካ። ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ጊዜ ንስራሕተኛታት ክትሓትትን ብዛዕባ ውላድካ ክትዛረብን ዕድል ኣሎካ። ሰለዚ ኩልና ሓቢርና ነቲ ቤትትምርቲ ተዘዋዊርና ንርእዮን ምስ ስራሕተኛታትን ሓደስቲ መሓዙት ውላድካን ንላለ።

## ንሕና ሓቢርና ንቅድመ-ትምህርቲ ከነማዕብሎ ኢና

ስራሕተኛታት ቅድመ-ትምህርቲ ምሳኻ ሓቢሮም ንውላድካ ምስ ኩነታቱ ዝኸይድ ጵቡቕ ክንክንን ናይ ምምዕባል ዕድላት ክፈጥሩሉ ድልዋት ኢዮም።

ንሕና ንውላድካ ዝምልከት ንድልየታቱን ምዕባለታቱን ኣመልኪትና ናይ ዝርርብ ጊዜ ክንህበካ ኢና። ከምኡውን ኣብ ንጥፈታት እትሳተፈሉ ኣጋጣሚታት ክህሉ እዩ።

ነዚ ቅድመ-ትምህርቲ ዝምልከት ዓመታዊ ርእይቶታትካ እተገልጸሉ መሕትት ኣሎ። መልሲ ርእይቶታትካ ኣሰራርሓና ከነማዕብል ሓጋዚ እዩ።

## ኩሎም ህጻናት ሓደ መሰል ኣለዎም

ኩሎም ህጻናት ወሑስን ኣነቓቓሕን ኩነታት ክህልዎም፡ ካብ ዓሌታውን ደሃልን ኩነታት ነጻ ክኾኑ መሰል ኣለዎም። ህጻናት ማዕረ መሰል ክህልዎምን ንኩሉ ዓይነት መድሃልቲ ክንከላኸሎ ብንጥፈት ክንሰርሕ ኢና።

ንኣሰራራሓና ዝያዳ ክትፈልጥ፡ ንመሰል ማዕርነት ኣመልኪትና ምስ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውዕል መሰል ህጻናት እንገብሮ ኣተሓሕዛ ክትርዳእ ምስ ስራሕተኛታት ቅድመ-ትምህርቲ ተዘረብ።

## ህንጥዩነት ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ቅድመ-ትምህርቲ

ቅድመ-ትምህርቲ ክትመርጽ ጊዚኡ ኣኺሉ ድዩ? ኣብ goteborg.se/forskola ኣቲኻ  ሙሉእ ሓበሬታን ኣድራሻታትን ኣብ የተቦርይ ናይ ዝርከባ ቅድመ-ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል።

ገሊኦን ናብ ሓበሬታ ኣኼባ ክዕድማኻ ይኽእላ፡ ገሊኦን ካኣ ባዕልኻ ደዊልካ ጊዜ ክትሕዝ ትኽእል። ደሃይ እንተገበርካልና ካኣ ሕጉሳት ኢና።

## ቦታ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ

» ወላድካ ሓደ ዓመት ምስ መልአ ቅድመ-ትምህርቲ ክጅምር ይኽእል፡ ዋላ ንስኻ ሰራሕተኛ/ተመሃራይ ኩን።

» እንተድኣ ንስኻ ሓደ ቆልዓ ሒዝካ ናይ ወለዲ ዕርፍቲ ኣሊኻ፡ ውላድካ 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ክጸንሕ ዕድል ኣለዎ። ስራሕ ኣብ ምድላይ እንተሊኻ ውላድካ 15 ወይ 25 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ክጸንሕ ይኽእል። ነዚ ናይ ሰዓታት መደብ ዝውስን እቲ ምምሕዳር ቅድመ-ትምህርቲ እዩ።

» ካብ ወርሒ ነሓሰ ጅሚሩ 3 ዓመት ዝመልኦ ቆልዓ 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ነጻ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ክረክብ መሰል ኣለዎ።

» ኣብ ጊዜ ቀውዒ 6 ዓመት ዝመልአ ውላድካ ቤት ትምህርቲ ናይ ምጅማር ግዴታ ኣለዎ። ማለት ውላድካ ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ መባእታ ይጅምር ኣሎ ማለት እዩ።

ቅድመ-ትምህርቲ ኣብዚ goteborg.se/forskola ከፊትካ ድለ።

### ካልእ ትካል ስነ-ምምሃር/ ፐዳጎጊ

ስነ-ምምሃር/ፐዳጎጊ ካልእ ኣማራጺ ክንከን ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ እዩ።
ናይ መዓልቲ ኣላይ ህጻናት ውሕድ ዝበሉ ቆልዑ ሒዙ ናብ ገዝኡ ይወስዶም። እቲ ኣላያይ፡ እቶም ህጻናት ካብ ሓደ ከባቢ ተኾይኖም ኣብ ደገ ወይ ኣብ ኣደራሽ የራኽቦም። ስርዓተ ትምህርቲ ናይቲ ቅድመ-ትምህርቲ ቀንዲ መርሓ ጎዳና ናይቲ ትካል እዩ።

## እቲ መውዓል ህጻናት ዝኽፈተሉ ግዜ

ውላድኩም ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ዝጅምረሉ ግዜ ኣብ IST Home Skola ትብል ኣፕ ኣቲኹም ትመልኡዎ ክፍለ ግዜ ኣሎ። እቲ ክፍለ ግዜ ውላድካ መዓስ መዓስ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክህሉ ከም ዝኾነ፡ ግዜ ስራሕካን ናይ ጕዕዞ ግዜኻን ኣብ ግምት ብምእታው ዘርእይ እዩ። ናይቲ ቈልዓ ክፍለ ግዜ ዝውሰን በቲ ዝኽፈተሉ ሰዓታት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ግዜን እዩ። ነቲ ክፍለ ግዜ ክትቅይሮ ምስትደሊ እንተ ደንጒኻ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣብታ ኣፕ ብምእታው ወይ ድማ ነቲ መውዓሊ ህጻናት ብጽሑፍ ብምሕባር ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ክፍለ ግዜ ግዝያዊ ለውጢ ክትገብር ምስትደሊ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። መእለዩ ህጻናት ኣብ ግዜ ምሸት፡ ለይቲ ወይ ድማ ኣብ በዓላት ምስትደሊ ቀትርን ለይትን ክፉታት ዝኾና መውዓል ህጻናት ኣለዋ። ንስኻ ዕረፍቲ ኣብ ትኾነሉ ግዜ ውላድካ ድማ ዕረፍቲ እዩ።

## ውሱን ዝኽፈተሉ ሰዓታት

ኣብ ጊዜ ሓጋይ ቅድመ-ትምህርቲ ውሱን ክፉት ናይ ስራሕ ሰዓት ኣለዋ። ኣብ ጊዜ ሓጋይ ውላድካ መውዓሊ ህጻናት እንተደሊኻ ውሑዳት ቅድመ-ትምህርቲ ኣገልግሎት ዝህባ ቤትምህርቲ ኣለዋ።

ንኩሎም ሰራሕተኛታት ቅድመ-ትምህርቲ ዓቕሚ ናይ ምዕባይ ስልጠና ኣብ ዓመት ገለ መዓልታት ሓባራዊ ርክብ ክገብሩ ዕድል ኣለዎም። ኣብዚ ናይ ስልጠና መዓልቲ ክትሳተፍ ዕርፍቲ እንተዘየብልካ ኣብ ዝተሓርያ ቅድመ-ትምህርቲ ብድሩት ዓቕን ቦታ ንመጽንሒ ውላድካ ክትረክብ ትኽእል።

እተን እዋናውያን በዓላትን መዓልቲ-መጽናዕቲ ኣብዚ ተመልከት፡ goteborg.se/forskola.

## ንሕና ናይ ስነዳ ስራሓት ንሰርሕ ኢና

ብሓገዛት፡ ንኣብነት ጽሑፍ፡ ስእሊ፡ ድምጽን ፊልምን ተደጊፍና ደረጃ ምዕባለን ትምህርትን ህጻናት እንዳተዓዘብና ንስንድ። ምስናድ ንህጻናት ዝምባሌኦም ንምንቕቓሕን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። እዚ ስርዓት ኣመሃህራና ከነዐርን ከነማዕብልን ይሕግዘና።

.



ኣብ መናድቕ ቅድመ-ትምህርቲ ኣሳእል ኣለዉ። ዮዮን መሓዙቱን ምርምርን ፈጠራታትን እንዳተመሃሩ ከለው እቶም ሰራሕተኛታት ከመይ ከምዝገብሩ ይስእልዎም። ዮዮ ነቶም ኣሳእል ንመሓዙቱን ወለዱን እንዳርኣየ ማዕረ ክንደይ ከምእተሓጎሰን ከምእተመሃረን ይገልጸሎም።

## ኡኒኩም (Unikum)

ኡኒኩም ሓደ ኣፕ ኮይኑ መዓልታዊ ንጥፈት ውላድካ፡ ምዕባለታቱ ከምኡ ድማ ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ዘለዎ ኣመሃህራ ብዝምልከት ትከታተሉሉ እዩ። ኣብ ኡኒኩም ሰነዳት ከምኡ ድማ ካብቲ መውዓሊ ህጻናት ዝውሃብ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣሎ። ነዚ ድማ ኣብ App Store ወይ ከኣ Google ኣቲኻ ዳውንሎድ ግበሮ። ብተወሳኺ ኣብ www.start.unikum.net ዝብል መርበብ ሓበሬታ 'ውን ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም።



## መግቢ - ሓደ ክፋል ናይ ምስትምሃር እዩ

ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት እቲ መግቢ ሓደ ክፋል ናይ ክንክን ከምኡ ድማ ናይ ምስትምሃር ተግባር እዩ። መዓልታዊ ቍርሲ፡ ምሳሕ ጠዓሞት ይቐርብ። እቶም ኣብኡ ዝተኻተቱ መግብታት እቶም ቈልዑ ኩሎም መግብታት ዝበልዑዎም ምስ ዝኾኑ 70 ሚእታዊት ናይ መዓልታዊ ድልየታቶም ከም ዝረኽቡ ንምግባር እዩ።

ኣብ ከተማ ዮቶበሪ ምስ ከባብያዊ ሓለዋ ዝተኣሳሰረ ኣመጋግባ ኢና ንጥቀም።

ንስነ ኣከባቢ ዝሰማምዑ መግብታት ኣብ ስነ ኣከባቢ ምርኩስ ዝገበሩ ኣብ እዋናውያን ንጥረ ነገራት ምርኩስ ዝገበሩ ብኣሕምልትን ጥረ ነገራትን ዝሃብተሙ እዮም። ውላድኩም ፍሉይ መግቢ የድልዮ ድዩ? እምበኣር ኣብቲ ናይቲ መውዓሊ ህጻናት መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ፎርም ክትመልኡዎ ኢኹም።

## ፍረታት ፉል ኩልኩል እዩ

ኣብ ቅደመ-ትምህርቲ ፍረታት ከም ፉል፡ ማንደልን ሴሳምን ሒዝካ ምምጻእን ምቕራብን ኩልኩል እዩ። ምኽንያቱ ቁጠዐ ክፈጥሩ ሰለዝኽእሉ ኢዮም። እዚ ምኽልካል ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣከባቢ ቅደመ-ትምህርትን ኮይኑ መዓልታ'ውን ሙሉእ ሰሙንን የጠቓልል።

## ውላድካ እንተሓሚሙ

ህጻናት ጥዑያት ክኾኑ ኣለዎም መታን ክጻወቱን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ክሳተፉን። ሕማማት ንምውጋድ ካብ ምዕራባዊ ዞባ ዮታላንድ ንጽርየት ዝምልከት ዝመጸ መምርሕታት ክንክን ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ኣሎ። (HYFS)

## ከምዚ እንተኾይኑ ውላድካ ኣብ ገዛ ይጽናሕ

- እንተድኣ ውላድካ ድኻምን ምፍዛዝን ኣርእዩ’ሞ እቲ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝገብሮ ንጥፈታት ክገብር ዘይካኣለ
- ውላድካ ረስኒ ምስዝህልዎ ቅድሚ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ምኻዱ ሓደ መዓልቲ ኣቐዲሙ ካብ ረስኒ ነጻ ክኸውን ኣለዎ ።
- ውላድካ ተላጋቢ ሕማም ምስዝህልዎ፡ ንኣብነት ቶንሲል/ ሓናት ሓሚሙ ምፍዋሰ ዝኣበየን ወይ ኣብ ትሕቲ ሕክምና እንሃልዩ ካብ ክልተ መዓልቲ ዝሓጸረ ተኾይኑ።
- እንተድኣ ውላድካ ብቁስሊ ረኺሱ፡ ወይ ማይ  ዝማዓጐ መበላይ ኮይኑ፡ እቲ ህጻን ቁስሉ ምስ ሓወየ እዩ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝምለስ።
- እንተድኣ ውላድካ ተምላስን ውጽኣትን ሒዝዎ’ሞ ውላድካ ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ክመጽእ ተኾይኑ፡ ውጽኣትን ተምላስን ደው ኢሉ ክሳብ 48 ሰዓታት ክጸንሕ ኣለዎ።



## ደገፍን ምኽርን

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ኩሎም ህጻናት ክምዕብሉን ጥዕና ክስመዖምን ተኽእሎታት ኣለዎም። ንሕና ምስ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም መማህራን፡ ናይ ዘረባ ክእለት ዝምህሩን ኪኢላታት ስነ-ልቦናን ሓቢርና ኢና ንሰርሕ። ውላድካ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮ ምኧኑ ተፈሊጥካ ኣብቲ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ቦታ ንኽትረክብ እተእትዎ ቅጥዒ ኣነጺርካ ምልኣዮ።

ቅድመትምህርቲ ምስ ጥዕና ህጻናት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ቤት ንባብ፡ ቤትትምህርቲ መባእታን ካልኦት ምስ ህጻንን ቤተሰብን ርክብ ዘለዎም ትካላት ሓቢሩ ይሰርሕ።

ምምሕዳር ከተማ የተቦርን ምዕራባዊ ዞባ ዮታላንድ ወለዲ ንምትብባዕን ምሕጋዝን፡ ንኣብነት ከም ርክባት ምስ ወለዲ ወይ ምምኽኻር ምስ ወለዲ ንምግባር ምስ ኪኢላታት ከምዝራኸቡ ይገብር። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ከባቢኻ ንምፍላጥ goteborg.se/foraldrastod. ተወከስ።

## ምስጢራውነትን ናይ ምሕባር/ ምምልካትን ግዴታን

ኩሎም ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝሰርሑ ምስጢር ናይ ምዕቃብን ምስ ውላድካ ርክብ ንዘየበሎም ሰባት ሓበሬታ ክህቡ ኣይፍቀድን። ስራሕተኛታት ካኣ ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ምምልካት ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ማለት ኩሎም ምስ ህጻናትን መንእሰያትን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ህጻን እንተተጎዲኡን ወይ ከምዝተሃሰየ ተጠርጢሩ ብዘለዎም ሞያዊ ሓላፍነት ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ከመልክቱ ጉቡእ ኣለዎም።

## ኩሎም ህጻናት ውሕስነት ኣለዎም


ኩሎም ህጻናትን ተመሃሮን ኣብ የተቦሪ ህዝባዊ-መዝገብ ዘለዉ፡ ክሳብ 17 ዓመት ዕድመ ዝመልኡ ወይ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ዝመሃሩ ምስ ሓደጋ ዝተተሓሓዘ መግዳእቲ ክበጽሖም ከሎ ውሕሰነት ኣለዎም። እቲ ውሕስነት ንሓደጋ ዝምልከት ጥራይ እዩ። ንህጻንን ውሕስነት-ተመሃሮን ዝምልከት ኣብዚ ተመልከት፡ goteborg.se/forskola.

## ክፍሊት ናይ ቅድመ-ትምህርቲ

ነቲ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝረኸብካዮ ቦታ ወርሓዊ ገንዘብ ክትኸፍለሉ ኢኻ ። ዓቐን ናይቲ ዝኽፈል በቲ ናይ ስድራቤትካ ድምር ኣታዊታት ተራእዩ እዩ። ንስኻ ናይ ኣታዊታትካ ጸብጻብ ዝሕብር ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ትልእኮ። ንኣታዊታትን ኣከፋፍላን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብዚ ተወከስ፡ goteborg.se/forskola.

## ምምሕዳር ኣብያተ መውዓሊ ህጻናት

ምምሕዳር ኣብያተ መውዓሊ ህጻናት ንከባቢ 360 ኮምዩናውያን መውዓሊ ህጻናት፡ 40 መእለዪ ህጻናት ከምኡ ድማ 21 ክፉት መውዓሊ ህጻናት ብገምጋም 25 000 ቈልዑ ናይ ዮቶቦሪ ሓላፍነት ይወስድ። እቲ ምምሕዳር ብተወሰኺ ንገለልተኛታት ኣብያተ መውዓሊ ህጻናት ከምኡ ድማ ስድራቤታዊ መእለዪ ሓላፍነት ይወስድ። ብጠቕላላ ብገምጋም 8 900 ሰራሕተኛታት ኣብቲ ምምሕዳር ይሰርሑ።



## ሕቶ ኣለካ ደዩ?

ንክፍሊ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ተወከሱ

ናይ ተሌፎን ጊዜ፡ ሰኑይ - ዓርቢ ሰዓት 8-16.30

ተሌፎን ቁጽሪ፡ 031-365 09 60

ኢ-መይል: forskoleservice@forskola.goteborg.se

ከተማ የተቦረ ማእከል ሓበሬታ

ኣብዚ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል

ተሌፎን ቁጽሪ፡ 031-365 00 00

ኣብዚ goteborg.se/forskola
-ብምእታው ብዛዕባ ቅድመ-ትምህርቲ
ሓበሬታን ርእቶታትን ክትህቡና ትኽእሉ።



Förskoleförvaltningen Tryck: Lenanders Juni 2022